ስለዘይብሉ፡ ንኤርትራ ብስጡም ሓድነት ክንሕልዋን ክንዕቅባን ክንከላከለላን ሕድርን መብጽዓን ሰማእታትና ክውን ንምግባር ከም ወትሩ ኩልና ብሓባር ብትግሃት ክንሰርሕ፡ መኽተና ኣሕይልልና ኣንጻር ኩሉ ውዲታትን ተጻብኦታትን ዝያዳ ትኹራት ኮይና ንቅድሚት ከምርሽን ኣብ ጉኒ መንግስትና ብምኻን ድማ ካባና ዝሕተት ዘበለ ክንፍጽም ቃሎም ኣሕዲሶም።

ኣብዚ ዝኸሪዚ ዕድመ ዝተገበረሎም ዕዱማት ኣጋይሽ ካብ ሓለፍቲ ምምሕዳር ከተማ ቦሎኛ ኣባል ባይቶ ምምሕዳር ከተማ ቦሎኛ ምኽትል ከንቲባ ዝኾነ

1. Mr. CLAUDIO MAZZANITI ኣብዚ ዝኸሪዚ ብኣካል ብምስታፍ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ክሳብ ግዜ ናጽነት ኣብ ዝካየዱ ዝነበሩ ፈስቲቫላት ልዑል ምትሕብባርን ተሳታፍነትን ዝነብሮ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ጉኒ ህዝቢ ኤርትራ ደው ብምባል ዝተሓባበረ ምንባሩ ብምሕባር፡ ኣብዚ ዝኸሪዚ ንክሳተፍ ንዝተገበረሉ ዕድመ ኣመስጊኑ። ቀጺሉ እቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ዓቢ ውዳበ ዝነበሮ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ንዝያዳ ዝምድናን ጥርናፌን ዘደልድል ጉዳይ ብምኻኑ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ዳግማይ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ንኽካየድ ጻውዒት ብምቕራብ ምምሕዳር ከተማ ቦሎኛ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ከም ቀደሙ ምሉእ ምትሕብባርን ደገፍን ከገብር ምኻኑ ኣረጋጊጹ።
2. Mr. DANIELE ARA ሓላፊ ምምሕዳር ናይቲ ፈስቲቫል ዝካየደሉ ዝነበረን ዘሎን ኮይኑ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ብምትሕልላፍ ምሉእ ምትሕብባር ክገብር ምኻኑ ኣረጋጊጹ።
3. ኣባል ባይቶ ምምሕዳር ከተማ ዝኾነ ካመሪናዊ ዜጋ Mr. RAMON DESSI እውን ናይ ምሕዝነት መልእኽቲ ኣቕሪቡ።

ኣብዚ ዝኸሪ እዚ ህቡብ ወናም ድምጻዊ ወዲ ትኹል ብምስታፍ ናይ እዋን ብረታዊ ቃልስናን ናይ ሕጂን ጣዕመ ደርፍታት ብምኽያድ ንተሳተፍቲ ወንን መኸተን ዘበራብር ዘማታት ብምድራፍ ንተሳተፍቲ ከላህዮም ኣምሲዩ።

ዓወት ንሓፋሽ !!
ኮሚቴ መዲያን ዲፕሎማስን
ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ኣብ ኢጣልያ

2: መስከረም 2013